ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ ኮረም ንዝተፈላለዩ ሎት ሎት ሐደ መሳርሒ ፅሕፈት : ሎት ክልት ናይ መኪና መለዋወጢ ኣቅሑት : ሎት ሰለሰተ ኣቅሑት ኤሌክትሮኒክስ ንግልጋሎት ሴክተራት ዝዉዕሉ ካብ ሕጋዊያን ነጋዶ ብግለፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ሕዳር 16, 2018 (ቅድሚ 12 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 30, 2018 3:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:15000
- ቦታ:ኮረም
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:300
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሕዳር 30, 2018 3:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

1 ናይ 2017 ን 2018 ዓም ዝተሐደሰ ፍቃድ ንግዲ ዘለዎ

2 ናይ 2018 ዓም ዝተሐደሰ መቅረባይነት ዘለዎ

3 ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ወይድማ ቲን ናምበር ዘለዎ

4 ካብሎት ሐደ ክሳብ ሎት ሰለሰተ ዝርከቡ ኣቅሑት ዝርዝር ንግዲ በቲ ዓዉደ ስራሕ ፍቃድ ዘለዎ

5 መከበሪ ጨረታ ብር 15000 ንነብሰወከፍ ሎት ከትሕዙ አለዎም

6 ሰነድ ጨረታ ኣብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ ኮረም ብር 300 እናከፈሉ ብምግዛእ ክሳብ ሕዳር 29/2018 ዓም ምዉሳድ ይከኣል

7 ጨረታ ሰዓራይ ምካኑ ምስተረጋገፀ ካብ ጠቅላላ ዋጋ ካብ ዝሰዓሮ 10 ሚእታዊ ኣብ ኩነታት ዘይተመሰረተ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ስፒኦ ወይድማ ቼክ ወይ እዉን ብጥረ ገንዘብ ከትሕዝ ዝክእል

8 ዝወዳደሩ መቅረብቲ ሰዓራይ ምካኑ ካብ ዝተረጋገፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ ሰለሰተ መዓልቲ ዉዕሊ ክኣስር ዝክእል

9 እቲ ዝሰዓሮ ንብረት ብናይ ባዕሉ መጎዓዝያ ናብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ ኮረም ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ንብረት ምምሕዳርን ኣብ ዉሽጢ 10 መዓልቲ ኣታዊ ክገብር አለዎ

10 ኣብ ዋጋ መምልእ ብዘይ ዝኮነ ስርዝ ድልዝ ብግልፂ ዝንበብ ብጥንቃቀ ክምላእ አለዎ

11 ስርዝ ድልዝ እንተድሃሊዎ ተቀባልነት የብሉን

12 ዋጋ ምስተመለአ ዋናን ቅዳሕን ምስተመለአ ብሸሚ ዝተዓሸገ ፖስታ ሸምን ኣድራሻን ክቢ ማህተምን ብምግባር ኣብ ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ ኮረም ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ንበረት ምምሕዳርን ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ክሳብ 30/3/2018 ዓም ሰዓት 3:00 ምእታዉ ይክኣል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

13 አብ ዋጋ መምሊኢ ናይ ሐደ ዋጋ ምስጠቅላላ ዋጋ ተራቢሑ ጌጋ እንተደሃልዎ ብናይ ሐደ ዋጋ ከምዝተመለአ ተገይሩ ይዉሰድ

14 ተመዝገብቲ ቫት ምካኖም ናይ ቫት ሰርተፊኬት መረዳእታ ከትሕዙ አለዎም

15 እቲ ዝምላእ ዋጋ ድማ ምስ ቫት ወይድማ ብዘይ ቫት ምካኑ ብግልፂ ክፃሐፈሉ አለዎ እነተዘይተፃሒፉ ምስ ቫት ከምዝተመለአ ይዉሰድ

16 ጨረታ ዝካየደሉ ዕለት 30/3/2018 ዓም ጨረታ ዝክፈተሉ ድማ ብተመሳሳሊ ዕለት ድሕሪ ፍርቂ ሰዓት ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረክበሉ ይከዉን

17 እቲ ዋጋ ፀኒዑ ዝፅንሐሉ 40 መዓልቲ ይከዉን

18 ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ሙሉእ ብሙለእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ንተወሳኪ ሐበሬታ 0928086548

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle